orientation
orientamento
berufsberatung
.ch

ንምርጫ ሙያ ምቅርራብ

ጽቡቕ እንተ ተቐሪብካ እቲ ናይ ምልካይ ቃለ መጠይቕ ይቕንዕ እዩ

ኣብቲ ናይ ምልላይ ልምዲ ወይ ድማ ኣብ ምሕራይ ተግባራዊ ልምዲ ክእለትኩም እንታይ ከም ዝኾነ፣ ዕላማኹም ከመይ ከም ትደልይዎን ክንድምንታይ ተገዳስነት ከም ዘለኩምን ንምርኣይ ዉሑዳት መዓልታት ኣለዋኹም።
እቲ ቃለ መጠይቕ ምልላይ ብግምት ሓደ ሰዓት ኣቢሉ እዩ ዝወስድ ከም ልማድ ድማ ተግባራዊ ስራሕ ኣይጽንብርን እዩ።

ንሓደ ናይ ምልላይ ቃለ መጠይቕ እንተተዓዲምኩም፣ ብርግጽ ትሕጎሱ ኢኹም። ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነታት ግን ንመጀመርታ ጊዜ ኢኹም ዘለኹም፣ ኣንታይ ከምዝጽበየኩም ብርግጽ ኣይትፈልጡን ኢኹም። ብዚ ምኽንያት ድማ ነዚ ቃለ መጠይቕ ብፍላይ ተጠንቂቕኩም ትቕረቡሉ።
ኣብ ከባቢኹም ዘለዉ ሰባት ወይ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ ንዓኹም ክሕግዙኹም ይኽእሉ ኢዮም። ወለድኹም ብርግጽ ካብቲ ዘለዎም ተሞክሮ፣ ቃለ መጠይቕ ከመይ ከም ዝካየድ ይፈልጡ ኢዮም። ምናልባሽ እሳቶም ነቲ ናይቲ መምህር ሙያ ተራ ክጻወቱ ይኽእሉ እዮም፣ ብኽምኡ ከኣ ምናልባሽውን እንዳደጋገሙ ከላምዱኹም ይኽእሉ እዮም።



«ንሓደ ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ትደሊ እንተኺንካ፣ ነቲ ሙያ ትግደሰሉ ክትከውን ኣለካ። ንሓደ ቃለ መጠይቕ ምልላይ ኣንተተዓዲምካ፣ እቲ ኣከዳድናኻ ነቲ ሙያን ትካልን ዝሰማማዕ ክኸውን ኣለዎ።» **ዴቦራ**

ምክሪን ኣበራባሪ ሓበሬታን ንወሰዲ

ብርግጽ ኣብቲ ናይ ስራሕ ዓለም ናትኩም ተሞክሮ ጌርኩም ኣለኹም። ናይ ምልላይ ቃለ መጠይቕ ከመይ ከም ዝካየድን ኣብኡውን ኣብ ምንታይ ትኹረት ከም ዝወሃቦን ትፈልጡ ኢኹም። ምስ ንልኩም ምስ ወድኹም ብዛዕብኡ ተዛረቡ፣ ብዛዕባ እቲ ጽቡቕን ብዙሕ ጽቡቕ ዘይኮነን ተሞክሮኹም ኣዘንትዉሉም።

ንንልኩም ወይ ንወድኹም ከም ናይ ትሬኒንግ ብጻይ ኪንኩም ተቐረቡሎም፣ ከም ሓደ ቃለ መጠይቕ ሓታታይ ኪንኩም ንንልኩም ወይ ንወድኹም ኣላምድዎም።

ዝቃለ መጠይቕ ምቕርራብ

ነፍሲ ወከፍ ሰብ ነናቱ ናይ መዘናግዒ መገዲ ኣለዎ – ሻሂ ካሚለ ምስታይ፣ ኣጸቢቕካ ምስትንፋስ፣ ልምምድ ምዝንጋዕ ምግባር። እስኹም ነቲ ንዓኹም ዝሰማምዓኩም ዓይነት ትረኽቡ ኢኹም። ክትጭነቕ ትኽእሉ ኢኹም ኣብ ቃለ መጠይቕ እውን ከም ተጨነቕኩም ክትነግሩ ትኽእሉ ኢኹም።
ክዳውንትኹም ጽሩይን ዝምቹን እዩ፣ ነቲ ከባቢ ሙያን ንኹነታት ቃለ መጠይቕን እውን ዝሰማማዕ እዩ። ጽቡቕን ርግጽኛትን ክስምዓኩም ኣለዎ።

ኣብ እዋን ቃለ መጠይቕ

- እቲ ናይ መጀመርታ ግምት ኩሉ ጊዜ ኣገዳሲ እዩ፡ ፍሽኽ ኢልኩም ሰላምታ እቕርቡ።
- ነቲ መዛርብትኹም ብሽሙ እንዳጸዋዕኩም ኣዛርብዎ።
- ክሳብ ቦታ ዝወሃበኩም ተጸበዩ።
- ትክ ኢልኩም ኮፍ በሉ፣ ከምኡውን ክፈኹሰኩም ፈትኑ። ኣእጋርኩም ብዝተኻእለ መጠን ኣብ መሬት ኣንብርዎ።
- ርግኢ ኢልኩም ተንፍሱ።
- ንመዛርብትኹም ብግሉጽ ቀጥ ኣቢልኩም ኣብ ዓይኑ ጠምትዎ።
- ጽን ኢልኩም ስምዑ፣ ነቲ ሕቶታት ድማ ብግልጺ መልሱ።
- ንመዛርብትኹም ክዛረብ ከሎ ኣይትኹለፍዎ።
- ንዕቀት ክይተርእዩ፣ እንተኾነ ግን ብዙሕ ነብስኹም ኣይተትሕቱ።
- መዘከሪ ጽሓፉ።
- ሕተቱ።

ናይ ቃለ መጠይቕ ምውዳእ

እቲ ናይ መወዳእታ ግምት እውን ብዙሕ ይዝከር እዩ። ዝሓሸ ንዝኾነ እቲ ቃለ መጠይቕ ክውዳእ ከሎ ጥያቐታት ኣቕርቡ፣ ንምሳለ፡

- «ኣብዚ እዋን ካልእ ጥያቐ የብለይን፣ ግን ገለ ነገር ክፈልጥ እንተደልየ፣ ክድውለልኩም እኽእል ‘ድየ?»
- «ሕጂ ክመይ ክቕጽል እዩ?»

ስለ እቲ ቃለ መጠይቕ ናይ ግድን ኣመስግኑ።

«ናብ ሓደ ቃለ መጠይቕ ምዕዳም ንዓይ ሓደ ዓቢ ዓወት እዩ ኔሩ። ነቲ ቃለ መጠይቕ መጀመርታ ምስ መምህረይ ድሕሪኡ ከኣ ምስ ስድራቤተይ ተላሚደ። እዚ ንዓይ ሓጊዝኒ። ኣብ መጀመርታ ዋላኳ ብዙሕ ተጨኒቐ እንተነበርኩ፣ ነቲ ጉዳየይ ብጽቡቕ ኣካይደየ። ኣነ ናይ ምልላይ ልምዲ ክገብር ተፈቒድለይ ከምኡውን ነቲ ናይ ትምህርቲ ልምዲ ቦታ ረኺበየ።» **ጉለር**

